# ሽቓላይ ማእከል WNYCOSH

## መሰላትካ/ኪ ፍለጥ/ጢ

### ደረት ትሑት መሃያ

**$15.00/ሰዓት**

እቲ ዝተሓተ ናይ ሕርሻ ሸቃሎ መሃያ $15.00/ ሰዓት ክኸውን እንከሎ እዚ መሃያ ከመይ ከምዝርከብን ናይ ስራሕ ኩነታትን ብዝምልከት "ናይ ሕርሻ ስራሕ ውዕል" ክኣ እውን ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣለዎ

### ሰሌዳ ግዜ ደረት ትሑት መሃያ*

| ዓመት | ዝተሓተ መሃያ/ሰዓት |
|---|---|
| 2024 | $15.00 |
| 2025 | $15.75 |

*ካብ ከተማ ኒዮርክ ወጻኢ.

### መቖሽሽ ዝኽፈሎም ሸቃሎ

- መሃያ $12.50/ሰዓት መቖሽሽ ከኣ እንተወሓደ $2.50 ወይ በቲ ኣስራሓይ ዝኽፈል
- መሃያ ትሑት ክኸውን እንከሎ ሸቃሎ ዝረኽብዎ ወይከኣ በቲ ኣስራሓይ ዝኽፈል መቖሽሽ ከኣ ይውስኽ
- መቖሽሽ ዝወሃቦም ሸቃሎ ብናይ ሕልፊ ሰዓት ሕጊ ሽፋን ይረኽቡ
- መቖሽሽ ዝቕበሉ ሸቃሎ ኣስራሒኦም ብቐጥታ ወይከኣ ብተወካሊኡ ኣቢሉ መቖሽሽም ክሓትት ወይ ክቕበል ዘይክፍቀድ ይኽእል እዩ

### ናይ ግዝያዊ ሸቃሎ መሰላት

ግዝያዊ ሸቃሎ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉዎም:

- ካብ ናይ ክልቲኦም ማለት ካብ ናይቲ መራኸቢ ስራሕን ካብ ናይቲ ኣስራሒን ኣድልዎ ናጻ ናይ ምዃን
- ማዕረ እቶም ናይቲ ኣስራሓይ ቀወምቲ ሸቃሎ ናይ ድሕነት ስልጠና ናይ ምርካብ
- ዝተሓተ ደረት መሃያ

### ውሑስን ጥዕናኡ ዝተሓለወን ናይ ስራሕ ቦታ ናይ ምርካብ መሰል

ኣብ ትሕቲ ሕግታት ጥዕናን ድሕነትን ዩ.ኤስ. እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኻ/ኺ:

- በዝርደኣካ ቋንቋ ስልጠና ናይ ምርካብ
- ውሑስን ካብ ፍሉጣት ጎዳእቲ ነገራት ናጻ ዝኾነን ናይ ስራሕ ቦታ ናይ ምርካብ
- ናይ ጥዕንን ድሕነትን ስክፍታታት ንተቖጻጻሪኻ ናይ ምንጋር መሰል
- ዘይውሑሳት ወይከኣ ጥዕና ዝጎድሉ ኩነታት ከጋጥም እንከሎ ናብ OSHA ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰል
- ኣብ ቅጽበታዊ ሓደጋ ከእትወኒ እዩ እልካ ብርትዓዊ መንገዲ እትኣምነሉ ስራሕ ናይ ዘይምስራሕ መሰል
- ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኻ ብዛዕባ ዘለዉ ጎዳእቲ ነገራት ናይ ምፍላጥ መሰል
- ኣብ ልዕሊ ድሕነት ጸገም ከስዕቡ ዝኽእሉ ጎዳእቲ ነገራት (ናይ ዋሃቢ ሓበሬታ ሓለዋ) ሪፖርት ብምግባርካ ኣንጻርካ ክቐንዐ ካብ ዝኽእል ኣድልዎ (ምብራር፣ሕማቕ ስራሕ ምሃብ፣ ወዘተ) ናጻ ናይ ምዃን
- ናይ ሕክምና ምርመራ ከምኡድማ ናይ ከባቢያዊ ጉድኣት ምርመራታት ሰነዳት ናይ ምርኣይ መሰል
- ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኻ ናይ ዘተፈጥሩ ማህሰይቲታትን ሕማማትን ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል



2495 Main Street • Suite 438 • Buffalo, NY 14214 • WNYCOSH.ORG • (716) 833-5416

## ሕልፊ ሰዓት

መብዛሕትኦም ሸቃሎ ኣብ ሰሙን ናይ ዝሳርሑዎ ልዕሊ 40 ሰዓታት መያሃያ ብ 1 1/2 ግዜ ኣኪቦም ናይ ምውሳድ መሰል ኣለዎም

ኣብዞም ዝስዕቡ ናይ ሕልፊ ሰዓት ስራሕቲ ፍሉይነታት ኣለዉ:

- ናይ ሕርሻ ሸቃሎ
- ኣፈጻምቲ ሸቃሎ: እቶም ሸቃሎ ዝቆጻሩ/ዘባርሩ ከምኡድማ ናይ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ዝበዝሑ ሰራሕተኛታት ዝሰርሕዎ ስራሕ ብስሩዕ ዝቆጻጸሩ
- ሞያዊ ሸቃሎ: እቶም ናይ 4-ዓመት ዲግሪ ዘለዎም ወይከኣ ፈጠራኣዊ ስራሕ ዝሰርሑ
- ምሕደራዊ ሸቃሎ: እቶም ውሳነ ናይ ምሃብ ወይከኣ መብዛሕትኡ ግዜ ብቐጥታ ምስ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ዝራኸብ ስራሕ ኣብ ቤት-ጽሕፈት / ወይ ብኣካል ምኻድ ዜድልዩ ስራሕ ዝሰርሑ ሸቃሎ

## ክፍሊት በቢኽንደይ ግዜ ይኽፈል

መብዛሕትኦም ሸቃሎ ንዝረሃጹሉ ስራሕ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ መሃያኦም ክቕበሉ ኣለዎም

## ካብ ኣድልዎ ናጻ ናይ ምዃን መሰል

ኣርእስቲ VII ከምኡድማ ንኡስ ክፍሊ ሰብኣዊ መሰላት ኒዮርክ ኣብ ልዕሊ ሸቃሎ ኣድልዎ ክይፍጸም ሓለዋ ይገብሩ።

## ኣድልዎ ከይፍጸሞም ሓለዋ ዝግበረሎም ጉጅለታት

- ዘርኢ
- ሕብሪ ቆርበት
- ብሄራዊ መበቆል
- ሃይማኖት
- ጾታ
- ስንክልና
- ጾታዊ ባህሪ
- ወተሃደራዊ ኩነታት
- ተኽእሎ ምዕባለ ውርሻዊ ሕማም
- ኩነታት ቤተሰብ
- ኩነታት ሓዳር
- ኩነታት ግዳይ ዘቤታዊ መጥቃዕቲ
- ጥንሲ
- ፖለቲካዊ ንጥፈታት (ካብ ስራሕ ወጻኢ)
- መዘናዪ ንጥፈታት (ካብ ስራሕ ወጻኢ)
- ናይ ማሕበር ኣባልነት

## ናይ ሓበሬታ ወሃብቲ ሓለዋ

ናብ ዝኾነ መንግስታዊ ትካል ጥርዓን ንዘእተወ ሸቃላይ ምቕጻዕ ወይ ምብራር ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ

ኣስራሓይ እውን ብዛዕባ እቲ ኣስራሓይ ብቕንዕና ንመንግስታዊ ትካል ሪፖርት ንዝገበሩ ሸቃሎ ክቐጽዕ የብሉን

ኣስራሓይ እዞም ዝስዕቡ ናይ ሕነምፍዳይ ስጉምቲታት እንድሕር ወሲዱ ተሓታቲ ይኸው:

- ምብራር/ምልጋስ
- ኣብ ጸሊም መዝገብ ምእታው
- ካብ ዝነበሮ ደረጃ ስራሕ ትሕት ምባል
- ሕልፊ ሰዓት/ናይ ስራሕ ዕቤት ምኽላእ
- ከይቐጽር/ዳግም ከይቐጽር ምግባር
- ምፍርራሕ
- ከሰግእ ምግባር
- ክፍሊት ምንካይ
- ሰዓት ምንካይ
- ናይ ዲሲፕሊን መቕጻዕቲ ምቕጻዕ
- ረብሓታት ምኽላእ
- ዕብየት ስራሕ ብኣሉታ ዝጸሉ ዳግመ ምደባ ምግባር

## ናይ ሸቃሎ ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰላት

ኣብ ስራሕ ማህሰይቲ እንድሕር ኣጋጢሙካ/ኪ:

- ዋላ "ብዘይ ወግዓዊ መንገዲ" ወይ "ብሚስጢራዊ መንገዲ" ክፍሊት እንተተቐበልካ ናይ ሸቃሎ ካሕሳ መድሕን ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ
- በቲ ኣስራሒኻ ኣቢልካ ናይ ሸቃሎ ካሕሳ ወይ C-3 ቅጥዒ ክትመልእ ወይከኣ ካብ ናይ WNYCOSH ማእከል ህጹጽ ምላሽ ሰራሕተኛታት **(716) 206-3550** ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ